# መራሕ ሊብያ ሙዓማር ቃዛፊ  ፈታው ህዝቢ ኤርትራ ነይሩ ኣይፈልጥን!

ሊብያውያንን ኤርትራውያንን፡ ምስ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተኣሳሰር፡ ዝምድና ነይርወን፡ ከም ኣህዛብ ከኣ፡ ግዳይ መግዛእቲ ብምዃነን፡ ብሓባር ሂወተን የሕሊፈንአ ኢየን። ውልቀ ምልካዊ መራሒ ሙዓመር ቃዛፊ፡ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ 1969 ጀሚሩ፡ ከምቶም መብዛሕትኦም    መለኽቲ ስርዓታት ዝጥቀሙሉ ኣጋባብ፡ ራዕድን ሽበራን ከም መሳርሒ ስልጣኑ ተጠቒሙ ብስም፡ ውጹዓት ኣህዛብ ፓለስቲና፣ ገለ ኣህዛብ አፍሪቃ፣ ደቡብ ኣሜሪካ ክሳብ ኣብ ውሽጢ ኣውሮጳ፡ ሕቶ ኣየርላንድ መዝሚዙ፡ ግብረ ሽበርኡ የካይድን ይምውልን ምጽንሑ ስኑድ ጉዳይ እዩ።

ኣብ 1985 ልዕሊ 250 ሂወት ሰባት ዝቐዘፈ ግብረ ሽበራዊ  ፍጻሜ ነፋሪት ሎከርቢ፡ ንትዕግስቲ ምዕራባውያን  ዘጸንቀቐ ግብሪ እዩ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ 1986 ፕረሲደንት ሮላንድ ሬጋን፡ ኣብ ውሽጢ ኣዳራሹ መጥቃዕቲ ምስ ኣዘዘሉ፡ ንስንከላ ድሒኑ፡ ድሕሪዚ ብራዕዲ ተዋሒጡ፡ ድሌት ምዕራብ ከማልእ ድልዊ ምዃኑ ምስተንበርከኸ፡ ዘይተኣደነ ሚልያርድታት ከም ጋር ነብስን ካሕሳን ከፊሉ፡ ድሕሪ 2005 እቲ ኣብ ዝባኑ ዝነበረ እገዳ፡ ከም ዝለዓል ተገብረ። ኣብዚ ነዊሕ መስርሕ፡ ናይ ብዓል ኢሳያስ ኣፈወርቅ፡ ፖለቲካዊ ህላዌ ስለዘርከበ`ውን፡ ንፉዓት ተለኣኣኽቲ ክረክብ ኣኽኢልዎ። ንዝምድና ሊብያን ምዕራብን ንምቅርራብ ተዋፊሮም የገልግልዎ ነበሩ። ኮይኑ ግን ኢሳያስ`ውን ሕጂ ኣብዚ እዋን`ዚ ጽዋ ናይ ሙዓማር ቃዛፊ ስለዘጋጠሞ፡ ከም ደቂ መዛምርቲ ናይ ሓባር መደቦም ከካይዱ ጸኒሖም ኣለዉ፡ ከም መቑሺሽ ከኣ ንኢሳያስ ብገንዘብ ይኹን ብነዳዲ ክሕግዞ ጸኒሑ ኣሎ።

ቃዛፊ ብዘይካ እቲ ሓፈሻዊ ባህሪኡን ግብሩን፡ ብፍላይ፡ ንዓና ኤርትራውያን፡ ኣብቲ ነዊሕ ጉዕዞ ሰውራና፡ ብዙሕ እዋን ጎዲኡና እዩ። ህግደፋውያንን ኢሳያስን እንተረስዕዎ ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣይረሳዕናዮን፡ ስለምንታይ ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ስለዘሎ።

ኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ቃዛፊ ኣብ 1978/ 79 ውግእ ኢትዮጵያን ሶማልያን ናይ ሶቭየትን መንግስቱን ጸግዒ ብምውሳድ ነተን ኣብ ኦጋዴን ሶማልን ዝተሳተፋ ታንክታት ንምድረበዳ ተማሓይሸን ዝተዳለዋ ከበድቲ ናይ ውግእ ታንክታት ካብ ምብራቕ ጀርመን ተዓዲገን ኣብ ኢጣልያ ተመሓይሸን፡ ንመንግስቱ ዝተዋህባ፡ ብገንዘብ ቃዛፊ ኢየን ተኸፊለን። መንግስቱ በቲ ኣብ ሶማልያ ዘመዝገቦ ዓወት ሰኺሩ፡ ናይ ምብራቕ ዓወት ኣብ ሰሜን ክንደግሞ ኢና ዝብል ጭርሖኡ ኣበጊሱ ንሻዱሻይ ወራር ንከተርጉም ኣብ 1981 ናብ ኤርትራ ዝተሃንደደ ብገንዘብን ታንክታትን ቃዛፊ ምንባሩ እፍለጥ።

መራኽቢታት ዜና ስርዓት ህግደፍ፡ ብዛዕባ ኢሳያስን ቀዛፊን ኪዛረባ ከለዋ፡ ወይ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኪበጽሕ ከሎ፡ ልክዕ'ዩ ንህግደፋውያን ናይ ግብሪ ብጾቶም ምዃኖም ክንክሕድ ኣይንኽእልን፡ ብጋህዲ ንርእዮ ዘሎና ጉዳይ ስለዝኾነ። ዝኾነት ሃገር ወይ መንግስቲ ወይ መራሒ፡ ከም ፈታዊ ወይ ጸላኢ ክትገልጾ እንተኾይንካ ግን፡ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝፍጽሞ ብግቡእ ክተቕምጦ ከሎኻ፡ ንኹሉ ብሩህ ይኸውን።

ስለዚ፡ ቀዛፊ፡ ንህዝቢ ሊብያን ኀረባብቲ ሃገራትን ብቕዳማይ ደራጃ፡ ቀዛፊኤን ስለዝኾነ፡ በዚ ኣብ ቱኒዝያ ተበጊሱን ተዓዊቱን ኣብ ግብጺ'ውን ተዓዊቱ ኣብ ሊብያን ካልኦት ሃገራት ዝቕጽል ዘሎ ህዝባዊ ማዕበል ጠለብ ፍትሕን ደሞክራስን፡ ተጸሪጉ ኣብ ጓሓፍ ናይ ታሪኽ ክድርበን፡ ኣብ ክንድኡ ህዝባውን ቅዋማውን መንግስቲ ክትከል ትምኒትና ወሰን የብሉን። ልብናን ቀልብናን ኣብ ኀድኒ ውጹዕ ግን ከኣ ተባዕ ህዝቢ ሊብያን ከምዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ክንገልጽ ንደሊ።

ብካልኣይ ደረጃ ከኣ፡ ንዓና ኤርትራውያንን ከማና ዝኣመሰሉ፡ ኣህዛብን ምውዳቕ ምልካዊ መንግስቲ ቃዛፊ፡ ኣዚዩ ከምዘሐጉሰን ክንሓብእ ኣይንደልን።

ምናልባት'ውን፡ ምውዳቕ ምልካዊ ምሕደራ ቃዛፊ ይብዛሕ ይውሓድ ኣብ ኤርትራ ጽልዋ ክህልዎ ከምዝኾነ ኢና ንርዳእ፡

ካብኡ'ውን ነዞም መሳኪን ስደተኛታት ኤርትራውያን ብሊብያ ኣቢሎም ንኣውሮጳ ብድሕሪ ሕጂ ኪሰግሩ ዝፍትኑን ነቶም ኣብኡ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ዝርከቡ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዘሕልፍዎ ዝነበሩን

ዘለዉን ኣደራዕ ማእሰርትን ዓመጽን ናብ ኤርትራ ምምላስን ወዘተ... ዝሓሸ ኣጋጣሚ እንክፈጥረሎም ይኸውን ዝብል እምነትን ጽቡቕ ድልየትን ኣሎና።

ውድቀት ንኹሎም ምልካውያን ስርዓታት ዓለም

ሰደኤ ጨ/ሽወደን፣ መጋቢት 2011